1. ብስም ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስን በቲ ክቡር ደሙ ንገሃነም ዝሰዓረን፤ብስም ቅድስቲ ድንግል ማርያምን ብስም ኩሎም ሊቃነ መላእክትን ብፍላይ ከኣ ቅዱስ ሚካኤልን ኩሎም ቅዱሳን መላእክትን፤ብስም ቅዱስ ፍራንሲስን ቅዱስ ኣባ ፒዮስን ቅድስቲ ጀማ ጋልጋኒን፤ ቅዱስ ኣንጦንዮስ በዓል ፓዱቫን፤ ቅዱስ ዮሃንስ ጳውሎስ ካልኣይን፤ ንሰይጣንን ሰራዊቱን፡ በዐልዘቡልን ሰራዊቱን ንሉሲፈርን ሰራዊቱን፡ ንዳንን ኣቡኑን፡ ንኩሎም ኣጋንንትን ሰራዊቶምን፡ ንኩሉ ዓይነት ጥንቆላን ርኹሳት መናፍስትን፡ ንኩሉ ውድቀትን ክስራንን፡ ዕዳንን ድኽነትን ምስ ርኹስ ፍትወቶምን፡ ካብ ቤተይ ክርሕቁ፡ ፈጺሞም ከኣ ናባይ ከይምለሱን ብስም ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እእዝዝ ኣሎኹ።

******************

2. ብሓያል ስም ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ በቲ ምእንቲ ኩሉ ሰብ ዝፈሰሰ ክቡር ደሙን ኣማላድነት ድንግል ማርያምን ብስም ሊቀ መላእኽቲ ቅዱስ ሚካኤል፡ ናይ ጸለማት ጎይታ ርኹስ መንፈስን ሕልና ዘድክም ናይ ሕርቃን መንፈስ ዘሕድርን፡ ዕርቂ ዝጸልእ፡ ናይ ጽልእን ሕነ ምፍዳይን መንፈስ ካባይ ኣርሑቐለይ። ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሰላምካን ሕይወትካን ክትህበኒ እልምንካ ኣሎኹ። ንስኻ ጎይታ ሕይወትን መወዳእታ ኩዘይብሉ ምሕረት እትህብ ኢኻ።

******************

**<u>ስእነት ስራሕን ሕሰም ናብራን</u>**

3. ብስም ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስን በቲ ክቡር ደሙ ምእንቲ ምሉእ ዓለም ዝፈሰሰን፡ ብክቡርን ሓያልን ኣማልድነት ድንግል ማርያምን፤ ኩሎም ሊቃነ መላእኽትን ኩሎም ቅዱሳንን ካብኦም ከኣ ቅዱስ ፍራንሽስኮን ቅዱስ ኣባ ፒዮስ፡ ኣነ ንዳንን ንሰይጣንን ንበዔልዘቡል ንኹሎም ናይ መከራን ሓሳርን ጭፍራታት፡ ንኹሎም ናይ ክስረትን ዕዳንን ውድቀትን ፤ ንኩሎም ናይ ጽልእን ሕነን ርኹሳን መናፍስትን ብቕጽበት ካባይን ካብ ስራሕይን ካብ ንብረተይን ካብ ሕይወተንን ካብ ቍጠባይን ካብ ጥዕናይን ክትርሕቁ ብፍጹም ከኣ ደጊም ከይትምለሱ ብስም ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እእዝዘኩም ኣሎኹ።

******************

4. በቲ ናይ ኩልና ድሕነት ዝኾነ ቅዱስ ስም ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስን ክቡር ደሙን፡ ምእንቲ ኣማላድነት ድንግል ማርያምን ኩሎም ቅዱሳን ሊቃነ መላእኽትን ቅዱስ ሚካኤልን ኩሎም ቅዱሳን መላእኽትን ጻድቃንን ቅዱስ ፍራንሲስን፡ ቅዱስ ኣባና ፒዮስን ቅዱስ ኣንጦንዮስ በዓል ፖዶቫ፡ ቅድስቲ ኣንጀላ ጋልቫንን፡ ቅዱስ ዮሃንስ ፓውሎስ ካላኣይን ነባዔልዘቡልን ሰይጣንን፡ ንሉሲፈሮንን ንዳንን ናቡን ንኩሎም ጭንቀትን፡ ናይ ተስፋ ቊርጸትን ፍርሓትን ቕልውላውን ብቕልጡፍ ካባይ ካብ ሕይወትይን ክትርሕቁን ፈጺምኩም ከኣ ከይትምለሱን ብስም ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እእዝዘኩም ኣንሎኹ።

******************

5. ናይ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ቅዱስ ሰሙን በቲ ንምሉእ ዓለም ዝፈሰሰ ክቡር ደሙን፡ በቲ ሓያል ናይ እግእዝትነ ማርያም ኣማልድነትን ናይ ኩሎም ቅዱሳን ሊቃነ መላእኽትን ብፍላይ ከኣ ቅዱስ ሚካኤል ሊቃነ መላእኽትን ኩሎም ቅዱሳን መላእኽትን ንዝኾነ ይኹን ርኹስ ሓይሊ ጸላእን ናይ ስጋን መንፈስን ጎዳኣት ከምድእ ዝፍትንን ካባይ ክርሕቕን እእዝዝ ኣሎኹ። ኦጎይታይ ንርእሰይ ክምሕር ብዘይ ምኽኣለይ ምሓረኒ። ሰላምካ ሃበኒ ብብዝሒ ምሕረትካ ሰላምካ ኣብ ልዕለይ ኣፍስሰለይ። ኣምስግነካን እባርኽካን ኣሎኹ።